# ምግዓዝ ቀሊል ምግባር

## እዚ መምርሒ እዚ ናብታ ሓዳስ ቤትካ ኽትግዕዝ ከለኻ ኽሕግዘካ እዩ።

ገለ ሕቶ እንተልዩካ፣ በጃኻ ኢሜይል ግበር

**relocationsteam@homes.vic.gov.au**

ወይ ብቴለፎን **1800 716 866** ደውል ወይ ነቲ ናይ ኸባቢኻ ናይ ኣባይቲ በዓል ስልጣን ርኸቦ ድሕሪኡ ሓደ ኣባል እቲ ዝተመደበ ናይ ምግዓዝ ጎጅለና ክምልሰልካ እዩ



Interpreter

### ብቐሊሉ ኽትርድኦ እትኽእል ወይ ዝተተርጐመ ሕታም እቲ ፕሮጀክት የድልየካ ድዩ?

ነዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ብቐሊሉ ኽትርድኦ ብትኽሎ መገዲ ወይ ዝተተርጐመ ሕታም እንተ ደሊኻ በጃኻ ናብ **enquiries@homes.vic.gov.au** ኢ-መይል ግበር

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቐደን ዝተሓትመን እዩ፣
1 Treasury Place, Melbourne. © State of Victoria, Homes Victoria (ናይ ኣባይቲ ዳይሬክተር), መስከረም 2023.
ሕትመት ብፊንስበሪ ግሪን (Finsbury Green), Melbourne Victoria (HV013623). ISBN 978-1-76096-682-9

homes victoria

VICTORIA State Government | Families, Fairness and Housing

homes victoria

# ናይ ምግዓዝ መምርሒ



VICTORIA State Government | Families, Fairness and Housing

# ደረጃ ብደረጃ ዘርኢ ናይ ምግዓዝ መምርሒ



## ደረጃ 1
## እቲ መንበሪኻ ምርካብ

**1** እታ ናይ ምግዓዝ ጉጅለና ብዛዕባ እቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዝግበር መስርሕ ምሳኻ ንምምይያጥ ቈጸራ ኽትገብር ክትድውለልካ እያ።

**2** ብዛዕባ እቲ ንምግዓዝ ዘድልየካ ነገራት፣ እቲ እትመርጾ ከባቢ ኣባይቲ ከምኡውን ብዛዕባ መስርሕ ምምልካት ንምምይያጥ ምሳኻ ኽንራኸብ ኢና። ኣባላት ስድራ ቤትካን ከም ኣስተርጓሚቲ ዝኣመሰለ ዝኾነ ይኹን ደገፍ ዝህቡ ኣገልግሎታትን እውን ኣብቲ ኣኼባ ኽካፈሉ ይኽእሉ እዮም።

**3** እቲ ናይ መመልከቲ ወረቐት ካባኻ ምስ ተቐበልናዮ፣ እቲ መመልከቲ ወረቐትካ ተመዝጊቡ ናይ መረጋገጺ ደብዳበ ድማ ክለኣኸልካ እዩ።

ጉጅለና ኣብቲ እትመርጾ ኸባቢ ኽትረኽቦ እትኽእል ገዛ ከተናዲ እያ።



## ደረጃ 2
## ብዛዕባ ምግዓዝካ ምትዕርራይ ምግባር

**4** ምቹእ ዝኾነ ገዛ ምስ ተረኽበ ነታ ገዛ ኽትርእያን ውሳነ ኽትገብርን ኣጋጣሚ ኽትረክብ ኢኻ።

**5** ነቲ ገዛ እንተ ተቐቢልካዮ፣ ንዓኻን ንስድራ ቤትካን ምቹው ትግዕዘሉ መዓልቲ ንምፍላይ ክንረኽበካ ኢና።

ሓንቲ ዕለት ተሰማሚዕካ ምስ መረጽካ ጉጅለና ንሓደ ኻብ ቤት ናብ ቤት ዘግዕዝ ሰብ/ትካል ትምድብ እያ (እዚ ወጻኢኡ ብሆምስ ቪክቶርያ እዩ ዝኽፈል)።

**6** ጉጅለና ቕድሚ እታ እትግዕዘላ ዕለት ኣቕሑኻ ምእንቲ ኽትጥርንፍ ኣቕሑኻ መጠርነፊ ክትልእኸልካ እያ።

በጃኻ ኻብ ቤትካ ዘይትደልዮ ነገራት ኣወግድ።



## ደረጃ 3
## መዓልቲ ፈርማ

**7** ኣብ እተመደበልካ መዓልቲ ፈሪምካ መፍትሕ እታ ሓዳስ ቤትካ ክትቅበል ኢኻ።

## ደረጃ 4 እትኣትወሉ ዕለት

**8** እቲ ኣቕሑ መገዓዚ ንብረትካን ኣቕሑኻን ናብታ ሓዳስ ቤትካ ኽወስደልካ እዩ።

### ኣገዳሲ ሓበሬታ

ነቲ ናይ ቀደም ቤትካ ዝነበረካ ኽራይ ኸም ዘቋረጽካ ዝገልጽ ምልክታ ፈሪምካ ነቲ መፍትሕ ክትመልሶ ኢኻ። (እዚ ንኽልቲኡ ኣባይቲ ክራይ ገዛ ኸይትኽፈል ይብረካ።)

መእንታን ክምለሰልካ፣ ንኤለክትሪክን ንተሌፎንን ንምቁራጽን እንደገና ንምርኻብን ዝኣመሰለ ኣገልግሎታት ዝኸፈልካሉ ቕብሊት ናብ ናይ ምግዓዝ ጉጅለ ለኣኽ።